# ሽም ዝብሉኺ

ብኣማን ሰላም

ነቶም ኣብ ኣውሮጳ ዝተሓባበርኩምኒ እንዳመስገንኩ
ማእከላይ ምብራቕ እንኾዕ ዳሓን ጸናሕኩምኒ ክብል ይፈቱ

**ሽም ዝብሉኺ**

በቶም ጅግንነት ዝፈጸሙ ትኹርዒ
በቶም ሃገርን ህዝብን ዘጥፍኡ ብሕማቅ ትጽውዒ

እቲ ሚዛን ናትኪ
ኣብ ተግባራት ወዲ-ሰብ ምእማንኪ
ንኹሉ ነናቱ ምሃብኪ

ሽ ም ዝ ብ ሉ ኺ
ምስ ኩሉ ዘለኺ

ግና ይፈላለ ኢዩ ኣብ ታሪኽ ሚዛናትኪ
ኣሎ ዘኽብረኪ ብታሪኹ ናዓኺ
ኣሎ ዘሕስረኪ ብሕማቅ ተግባሩ ዘርሳሓኪ
ኣብ ጸልማት ናይ ታሪኽ ዘሰፍረኪ

**ሽም ዝብሉኺ**

ንኹሉ ከየዳለኺ
ምልክት ዲሞክራሲ ምዃንኪ
ምስ ኩሉ ኢዩ ቦታኺ
እንተ ? ? ? ? ? ከነኽብረኪ
ወይ ? ? ? ? ? ? ? ከነሕስረኪ
ኣብ ሚዛን ናይ ተግባር ኢዩ መለለዪኺ

**ሽምካ**

መጸውዒኻ
ካብ ሰድራኻ
ቀጺሉ ዝለግበካ
ካብ ጠባይካ ተግባርካ
የኽብረካ ወይ የሕስረካ

**ሽምካ**

ክትጽዋዓሉ
ናዓም ኣብየት ኢልካ ክትምልሰሉ
መጸውዒኻን መለለዪኻን ኢዩ ምስ ኩሉ
ጠባያትካ ? ? ? ? ? ? ? ? ? ? ? ደሚሩ

## ሽምካ

እቶም ሃረር ኢሎም ዝተጸበዩኻ
ኣቦኻ ኣዲኻ ስድራኻ
ናብ ኣዱንያ ዓለም ምስ መጻእካ
መጸዊዒትካ ሽም ዘውጽኡልካ

ካብ ገዛ ተበጊሳ ምስ ጀመረት
ናብ ስድራ-ቤት
ምስ ጎሮቤት

ናብ ገዛውትኻ
ናብ ቤት ትምህርትኻ
ትኸውን መለለይት መጸውዒኻ

እቲ ቀጺሉ ዷጋ ዘለግበካ
ካብ ንእሽተኻ
ወይ ምስ ዓበኻ
ከም ጠባይካ
ከምተግባርካ
ከም መልክዕካ

የውጽኡልካ ደቂ-ገዛውትኻ
ደቂ-ቤት ትምህርትኻ
ብጸትካ ወይ መሳርሕትኻ

ናይ ክብረት ሽምካ
ኣብ ሃይማኖትካ ኣብ ስራሕካ
ሽመትካ
ብትምህርትኻ ብምንፉዓትካ
ብስራሓካ ብእምነትካ ብጠባይካ
ኩሉ ምስ ዝፈትወካ
ብኹሉ እንታይነትካ

ብፍላይ ንኹሉ ብምኽባር
ብ ሓ ባ ር

ብፍቶት ንህዝብኻ
ሰናይ ተግባር ምስ ጎሮባብትኻ
በጃ ብምሕላፍ ንሃገርካ
ንኹሉ ሃይማኖት ምኽባርካ

ካብዚ ተበጊሱ ሽም ዝዋሃበካ
ኮሪዑ ዘኾራዓካ
ከም ? ? ? ታሪኽካ
ምስ ? ? ? ዓለምካ

ብሕልፊ ፈታው ሓቂ እንተኾይንካ
ንሰብ እንተ ዘይዘለምካ ዘይበደልካ

ንኹሉ    ትሓልይ    ተኽይንካ
ብኹሉ    !!!    ምስተፈተኻ
ካብ ክምዚ ትቅበሎ ሽምካ

ሓበን    ናዓኻ
ንዝልኣለም    ክብረትካ
ን ስ ድ ራ ኻ
ን ወ ገ ን ካ
ን ብ ሄ ር ካ
ን ሃ ገ ር ካ
ን ዓ ለ ም ካ
ዝኸርዕ ታሪኽ ኢዩ ኩሉ ክጽዋዕ ከማኻ
ክኸብር    ብሽምካ    ብታሪኽካ
ኣብነት    ብምጥቃስ ይደሊ ክመስል ናዓኻ
ስለ  እቲ ናይ  ሰናይ-ግብሪ  ጠባይካ ሽምካ

ናይ ተግባራትካ ሽም    ታሪኽ  ሓወልትኻ
ዝምስክረልካ    ኩሉ    ዝሕበን    ባኣኻ

ንቀጻሊ    ወለዶታት
እተን    ናይ    ፈለማ-ሰናይ    ሽምካ ፊደላት
ምስታ ናይ ሰናይ ተግባርካ ዝተወሰኸ መጸዋዕታት
ዶብ    ዘሰገረ    ናይ    ሓበን    ምኽን    ኣብነታት
እሞ ክዋሃበካ
ካብ ኦሙናት ልኡኻት
ካብ    ፍሉጣት    ሰባት
ብፍላይ    መራሕቲ  ሃይማኖታት
ክብረት    ልዕሊ    ክብረት
ንኹልኻ ? ? ? ? ? ? ? ? ?  ኩርዓት

ኢዩ    ናይ    ሽምካ    መለለይኻ
ወላ    እንተ    ቀየርዎ    ገለ    ዘይፈልጦኻ
ዘይተዋሕጠሎም    ሽም    ናይ    ትግባርካ
ስለ    ምንታይ    ብኽምዚ    ክምተጸዋዕካ
ብመን    ክም ዝተዋህበ እቲ ጥዑም ሽምካ
ሽም ተብዲልኪ
ሽም    ተብዲልኪ    ብዘይ    መዘናኺ
ዘይኮነ    ምሳኺ
ዘየኽብር ነቶም ዘኽበሩኺ
ሽም ዝብሉኺ
ወላ እንተ ተቀየረ እንተ ተሓባኣኪ
ብተግባሩ    ብጠባዩ ኣለሊኺ    ምጽዋዕኪ
በቶም    ጅግንነት    ዝፈጸሙ    ትኹርዒ
በቶም ሃገርን ህዝብን ዘጥፍኡ ብሕማቅ ሽም ትጽውዒ

ኣማን ሰላም
ካብ
ማእከላይ ምብራቕ